OOBAMA VISION OF HOPE
(E) ozjsfamily@gmail.com (P) 0401939247
(W) http://www.ozovoh.org/
ግጉይ መረዳእታ ሕዝብን መጽሐፍ ቅዱሳዊ ሓቂን!

“እቲ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ከም ሕፃን ኮይኑ

ዘይተቐበላ፥ ከቶ ኸም ዘይኣትዋ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።” ማርቆስ 10:15

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ቃል እዚ፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርቶስ ባዕሉ ዝተዛረቦ ቃል እዩ። ነዚ ቃል እዚ ብፍሉይን ብተገዳስነትን የጽንዖ ኣብ ዝነበርኩሉ ኣጋጣሚ፡ፈለማ እቲ ኣብ መንጎ ሕፃንን መንግሥቲ ኣምላኽን ዘሎ ዝምድና እየ ክርኢ ፈቲነ። ክርስቶስ ኢየሱስ ብዛዕባ መንግሥቲ ኣምላኽ“… ከም ሕፃን ኮይኑ ዘይተቐበላ…” ምባሉ፥ መንግሥቲ ኣምላኽ ድሮ ተዋሂባ ከም ዘላ፥ ግና ዝቕበላ ኣካል ከም እትደልይ ከኣ ክዕዘብ ክኢለ። እዚ ማለት እቲ ወሃቢ ኣካል፥ ማለት ኣምላኽ፥ ናይ ምሃብ ሓላፍነቱ ድሮ ፈጺሙስ፥ ሕጂ ግና ነዛ መንግሥቲ እዚኣ ዝቕበላ ኣካል ይጽበ ከም ዘሎ እዩ ዘመልክት። ብድኅሪ እዚ ኣርእስቲ እዚ ኸኣ ናይ ሕፃናት ባህርይ ከጽንዕ ፈቲነ። ካብቲ ዝተዓዘብክዎ ናይ ሕፃናት ባህርይ ንሕጂ ገለ ሠለስተ ነጥብታት ጥራይ ክጠቅስ፦

- ሕፃን ገርሂ ልቢ ኣለዎ፤ ስለዚ ድማ እዩ ዋላ እኳ እንተተበደለ ብናይ እዋኑ እምበር ብናይ ሕሉፍ ነገር ዘይቕየምን፥ ዘይጭነቕን።
- ሕፃን ኣብ ልዕሊ ወላዲኡ ምሉእ እምነት ኣለዎ።
- ሕፃን ተዕቢት ጨሪሱ ስለዘይመልኮ፥ ኣዕሩኽ ኣብ ምልላይ ኣዝዩ ቕልጡፍ እዩ።

እስከ ብዛዕባ እዛ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ገለ ጭቡጥ ኣብነት ኣልዒለ ክዛረብ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 2009 ዓ.ም እዩ ዝነበረ እቲ ኣብ ሕይወተይ ፍሉይ ጦብላሕታ ዝገደፈ ኣጋጣሚ። እቲ ንጓል 11 ዓመት ሕፃን፥ ኢዮሩሳሌም፥ ጓለይ ገጽ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣዲስ ኣበባ-ኢትዮጵያ ዝረኣኹሉን፥ ምዕጉርታን ከንፈራን ከኣ ንፈለማ ግዜ ዝሰዓምኩሉ ፍሉይ ኣጋጣሚ ። ብእግርና ብጐደናታት ኣዲስ ኣበባ ሸናዕ እናበልና ኣብ እንጓዓዘሉ እዋን፥ ንሳ ኣብ ማእከል መገዲ ብዙሕ ሳዕ ደው ከተብለኒ፡ን፥ ምስ ሓለፍቲ መገዲ ኸኣ ከተዕልልን  ይዕዘባ ነበርኩ። ሕፃናት ምስ ዝሓዙ ወለዲ ኸኣ ብፍላይ ደው ኣቢላ ከተዕልሎም ትጸንሕ እሞ፥ “ኣቐዲምኪ ትፈልጥዮም ጸኒሒኪ ነዞም ሰባት?” ብማለት ኣብ ዝሓተትክዋ ነፍስ ወከፍ ግዜ፥ “ኣይደለም.. ኣሁን ነው የተዋወቅኳቸው።” እዚ ማለት “ኣይፋሉን… ሕጂ እየ ተላልየዮም” ብምባል ትምልሰለይ። ብግርህነታ፥ ብንጹሕነት ልባን ምስ ሰባት ብቕልጡፍ ናይ ምልላይ ባህርያታን ድማ ግርም እብለኒ።

ናብ ሕይወትና ንመለስ። ብዛዕባ ናይዘን ክልተ ኣኃት ሃገራት፥ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መጻኢ ዝምድናን ዲፕሎማሲን ብዝምልከት ርእይቶኦም ንኽልግሱለይ ሕቶ ዘቕረብኩሎም ገለ ሰባት፤ ምስ ናይ ቅድሚ 12 ዓመታት ዝነበረ ስምዒትን ሃዋሁን ኣዋዳዲርካ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ካብ ዝበዝሐ ሰባት ኣዎንታዊን፡ ናይ ሠናይ ምንዮትን ዓይነት ርእይቶ እየ ዝረክብ። ይኹን እምበር ካብ ገለ ገለ ውሑዳት ሰባት ግና “ፍጥረት ሰብዶ ኣለዎም እዩ እቲኦም! ድሕሪ እቲ ናይ 1998 ዓ.ም.ኹሉ ግፍዒን መስጐግቲንከ እንታይ ክንጽበ?” ወዘተ ብምባል፤ ነቲ ስንኩፍ ኣተሓሕዛ ሰብ መዚ ክልቲኦን ሃገራት ኣብቲ ናይ ሽዑ ጉዳይ ፈሊኻ ኣብ ክንዲ ምኹናንን ምንቃፍን፤ ንኽም ኢትዮጵያዊት ኣደ ጓለይ፥ ዛህራ ዝኣመሰሉ ግዳይ ናይቲ ሽዑ ዘጋጠመ ብመንግስቲ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝተሰጐ ንጹሓት ሰባት ብጅምላ ክኹንኑን፥ንጽልኦም ክሳዕ ሕጂ ከግህዱን የጋጥሙኒ። ነዞም ሰባት እዚኦም “ኣምላኽ፥ ከም ናይ ኢዮሩሳሌም ጓለይ ቅልጡፍ ምሕረት ዝገብር ልቢ ይሃብኩም”፥ ብምባል ሠናይ ምንዮተይ ጥራይ እየ ዝገልጸሎም።

ሠናይ ቅነ!

ዲያቆን ኢያሱ ዓንደማርያም (ኦባማ)